# አብ ወጻኢ አብ ውሽጢ!!
# ተለዓል ደላይ ለውጢ፤

ተስፉ ኪዳነ!! ሳሕል ኤርትራ ታኅሳስ 16 2008

ደወል ይስማዕ አሎ፤ ንለውጢ ዘንቀለ
ፍሒርካ ቅበሮ ነቲ ዝበደለ
ዕጠቆ ሰረካ፤ ተባዕ ወዲ ኤረ
ብውሽጢ ወጻኢ፤ ኩዳ ካብ ጀመረ
ንኩሉ ንክርህዎ መሰለይ ንዝበለ።

ሐው ስዉእ፤ ተባዕታይ አንበሳ አዶኻ
ፈጋዕጋዕ አብሎ፤ ዕርዲ ጸላእትኻ
ያታኻ አሐድሶ፤ ናይ ጊዜ ቃልሰኻ
ሎሚ ኢዩ ጊዜኡ፤ ንድኅነት ሕዝብኻ።

ጀሚሩ አሎ ባርዕ፤ ብቆላ ከበሳ
ሓይልታት ኤርትራ፤ ጀሚረን ክግስግሳ
ጊዜ አብቂዑ ኢዩ፤ ንውልቀ ውደሳ
ብሰላም ቅሳነት፤ ንኤርትራ ክንክሕሳ።

ብትኽትኽ አብሎ፤ ናይ ተንኮል ፈከራ
ሰሚዕካዮ አሎካ፤ ናይ ውልቐ ዓዘራ
ጀጋኑ ዝርሸርሸ፤ ዝኾኑ ሰነድ ሰውራ
ሕጂ እውን፤ ከይትታለል ብውሕሉል ሽጣራ።

ኣብ ውሽጢ ወጻኢ፤ ብሓባር ንሰጉም
ንህግደፋዊ ምድልሓቕ፤ ነብሎ ፍግም
ናይ 17 ዓመታት ጉዕዞና፤ ብግቡእ ንገምግም
ዝጩምለየ ናጽነትና፤ ብሓርነት ክልምልም።

ፍትሒ ክነግሥ፤ ሰላም ከጉላዕልዕ
ደጊም አየድልን ጥልዕ ምልዕ
ህግደፍ አልጊስና፤ ብሰላም ኩንኮርዕ
ብሥኒት ብሓድነት፤ ነብሎም ድርዕ ድርዕ።

ሓባራዊ ስጉምቲ ኢዩ፤ ናይ ራህዋ ዘርኢ
ሓደ ይኹን ቃልና፤ ብውሽጢ ወጻኢ
ሎሚ አየድልን፤ ጉርሒ ሽርሒ ቅንኢ
ብሓባር ንቐንጥጦ ጸልማት፤ ብርሃን ክንርኢ።

አንታ ደላይ ሰላም፤ ደላይ ርትዒ
ርኢካ ሰሚዕካ፤ አይተብዝሕ እንድዒ
ብሓድነት ንገስግስ፤ ራህዋ ንዒ
ብብኽያት ዝቆልዔ ዓይኒ፤ ቈሕ ኢሉ ክርኢ።

ሀገር ናብ ብዙኃት፤ ርእይቶ ናይ ግሊ
ክስታናይ፤ አስላማይ፤ ፍጹም ዘየድሊ
አውራጃ ወረዳ ፍጹም ዘየድሊ
ኤርትራ ሀገርና ሐድነት ኢያ እትደሊ
ሕሉፍ ተሞክሮ አሎና፤ ናይ ጊዜ ገድሊ።

ውድበይ ውድብካ ንሕደጎ ንድሕሪት ንጐድኒ
ዳግማይ ነሔድሶ ናይ ሕዝብና ወኒ
መሪሕ ኢዩ ዘድሊ ህግደፍ ንዓኒ (ንክዓኑ)
ናይ ርእይቶ አፋላላይ፤ ንሕደጎ ደቀ-አደኒ።

ንህግደፍ ኢዩ ጠቒምዎም፤ ሓደ ዘይምዃና
ነለልዮ ንሕሉፍ ሀገርን ሕዝብን ዝበደለ ጌጋና
ንለውጢ ካብ ሰረበ፤ ኣብ ማእከል ዓድና
**ናህሪ ንወሸኽሉ፤ ክኸሽፍቶ ዝተዓጽወ ገዛና ።**

ሎሚ ዘይከተተ ጸረ ጃንዳ ህግደፍ
ምኽንያት ዘብዝሕ ንለውጢ ዘይጻደፍ
ብግቡእ ነለልዮ ጽባሕ ከይንዕንቀፍ
ሀየ ድአ ሀየ ንለውጢ ንቃላጠፍ።

ኣጆካ ጅግና ተዓጠሕ አደልዲኻ
ንበደለኛ አርእዮ ርትዓዊ ፍትሕካ
ንመጻኢ ጠምት አዕሚቑኻ አርሒቕካ

ብፍትሒ ክሥዕሪ ኤርትራ ሀገርካ
ኤእጃምካ ከተበርኽት ትጽዋዕ አሎካ
ሕዝብ ኢዩ ተዓዋቲ ፈቲካ ጸሊእካ
**ተበራበር ሓየት ምስ ዋዕሮ ኃውትካ።**

ዓወትን ሰላምን ንሕዝቢ ኤርትራ
**ሓድነት ጥምረትን ንሀገራዊ ሰራዊት**
**ብሓድነት መርሽ ከይትግዳዕ**
**ንህግደፍ አብሎ ጠፋዕ ጠፋዕ !!!**